

ማሓተኤ
Eritrean New Hope Organization

“ ቆልዓ ብንኡሱ ቆርቦት ብሩሑሱ”

1. ኣብ ትሕተ ዕድሜ ቆልዑት ዝራኣዩ ሓደገኛታት ባህርይት ከስዕበሎም ዝኽእል ሕጋውን ስ ነኣእሙራውን ዕንወት

    1. ትሕተ ዕድመ ቆልዑት ተዳጋጋሚ ኣብ ዝተፋላለየ ናእሽቱን ዓበይትን ገበናት ተዋፊሮም ኣብ ሕጊ ምስ ዝቐርቡ፡ ብስሞም ዝምዝገቡ ናይ ገበን ፋይላት ኣብ መጻኢ ኣብ ስራሕ፡ ትምህርቲ ኮነ ካብ እስራኤል ናብ ምዕራባውያን ሃገራት ከም ባዓል ካናዳ፡ ኤመሪካ፡ ኣውስትራልያን ካሎኦትን ኣብ ናይ ምስግጋር መስርሕ ምስንኻል ክፈጥር ይኽእል።
    2. ትሕቲ ዕድመ ቆልዑት መብዛሒኦም ዝፍጽሙዎም ገበናት ድሒሩ ክመጽእ ዝኽእል ሳዓቤን ካብ ዘይምርዳእ ብምኽኑ፡ ውጽኢት ዝፈጸሙዎ ገበን ዘይተደለየ ስነ ኣእሙራዊ ጸቕጢ፡ ተስፋ ምቑራጽን ነብሰ ምትሓትን ክፈጥረሎም ይኽእል።
    3. ቆልዑት ተዳጋጋሚ ገበን ምስ ዝፍጽሙ ወይ ድማ ትምህርቲ ብጉቡእ ምስ ዘይካታተሉ ኣብ እስራኤል ሕጊ ግዴታ ትምህርትን ሕጊ ትሕቲ ዕድመን ስለ ዘሎ ብግዴታ ማለት ካብ ፍቓድን ድልየትን ወላዲ ወጻኢ፡ ካብ መንበሪ ወለዲ ተኣልዮም ኣብ ዑጹው ሑዱር ቤት ትምህርቲ ክውሰዱ ወይ ድማ ናብ ካሎኦት ኣለይቲ ስድራቤታት ክውሰዱ ሕጊ ይግድድ። ከምዚ ምስ ኣጋጠመ ቆልዑት ዳሓር ናብ ቤት ወለዶም ንምምላስ ዝህሉ መስርሕ ዝተሓላለኸን ከቢድን ምስ ምኽኑ ኣቐዲምና ኣመት ውሉድና ክንገብር ይግባእ።

2. ደቅና ኣብ ዘየድሊ ገበን ካብ ምስታፍ ንምግታእ/ንምክልኻል እንታይ ክንገብር ኣለና

    1. ደቅና ናብ ቤት ትምህርቲ ብሱሩዕ ይኽይዱ ምህላዎም ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ንመምሃራኖም ምውካስ
    2. ካብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝምለሱሉ ግዜ ናብ ካልእ ቦታ ከይእለዩ/ከየላግሱ ምቁጽጻር
    3. ድሕሪ ትምህርቲ ኣበይን ምስ መንን ይጸወቱ ምህላዎም ምፍላጥ
    4. ምሸት እዋን ዘይብሉ ማለት ካብ ድሕሪ ሳዓት ሸውዓተ ናይ ምሸት ካብ ገዛ ወጻኢ ከይምስዩ ምቁጽጻር
    5. ኣብ ኢንተርነት ዝሪኡዎም ነገራት ገደብ ምግባር ብፍላይ ትሕቲ 14 ዝዕድሜኦም(ነዚ መቋጻጸሪ ትኽውን Familylink ትባሃል ኣፕሊከሽን ምጥቃም ይካኣል)
    6. ብቐጻሊ ሓቢሮሞም ዝጸወቱ ማሓዙዮም ምፍላጥ
    7. ኣብ ገዛ ካብ ዘለና ግዜ ንቆልዑት ዝኽውን ግዜ ብምፍላይ ብዛዕባ ዝዋዓሉዎ ከዕሉሉና ዕድል ምሃብን ፈረድቲ ከይኮንና ጽን ኢልና ብምስማዕ ሓሳብና ምክፋልን።
    8. ቆልዑት ኣብ ደገ ዘጋጠሞም ኮነ ዝዋዓሉዎም ነገራት ንኽይካፉሉና ዝገትእ ቀንዲ መኽንያት ከም ወለዲ ፈረድቲ/ ቁጠዐ ዝመለኦ ግብረ መልስን ጽን ኢልካ ዘይምስማዕን እዮም፡ ስለዚ ኣብ እንህቦም ግበረ መልሲ ምጥንቃቐ የድሊ።

9. ኣብ ደቅና ሪኢናዮም ዘይንፈልጥ ባህርያት ማለት ከም ስቕታ፡ቑጠዐን ካልእን ዝኣመሰሉ ምስ እንርኢ ብቑጥታ ምስ ኣማኻሪ ትምህርቲ ወይ ቀንዲ መምህሮም ክንዛረብ ይግባእ።

ካብዛ ህሞት እዚኣ ጀሚርና ኣመት ውሉድና ክንገብር ሓላፍነትና እዩ!
ኣብ ቀጻሊ ከከም ኣድላይነቱ ነቶም ሕግታት ብምቁርጻም ናባኹም ክነብሎ ክንፍትን ኢና።

ኣባላት ማሓተኤ!



ማሓተኤ
Eritrean New Hope Organization
eritreannewhope@gmail.com